# ኣብነታዊ ሃይማኖታዊ ሜራሒ

ኣምላኽ ካብተን ንሙሴ ዝሃቦ 10 ትእዛዛት ሓሚሻይቲ “ ኣይትቅተል “ እያ ትብል ። እንተኾነ ደቂ ሰባት ኣብ ዝተፈላለዪ ግዜ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ንንሕድ ሕዶም ክቃተሉ ጽኒሖም ኣለዉ ። እቲ ገበን ብዝኾነ ይፈጸም ሜራሕቲ ሃይማኖት ዓገብ ክብሉ ይግባእ ። ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሱዋ ናይ ካቶልካዊት ቤተ ክርስትያን ሜራሒ ዝነበሩ ኣብ 70ዓታት በቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ዝነበሩ ገበናት ቅትለት ጉህዮም ኣብ ዓውደ ዓመት ቅዱስ ሚካኤል ከረን ይኩን ኪዳነ ምሕረት ኣስመራ ፣ ብዓውታ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ “ግደፉ ደምኣሕዋትኩምኣይተፍስሱ፣ ሰላምፍጠሩ፣ ኣምላኽ ዘይፈትዎ ስራሕ ኣይትግበሩ እናበሉ ይሰብኩ ነይሮም’ ። እዚ ሓዋርያዊ ጻዊዒት እዚ ሎሚ እውን ድሕሪ ክንደይ ዓመታት በቶም ተኸተልቶም ዝኾኑ ካህናት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ይቓላሕ ኣሎ። እቶም0 መጽቲ ናይ ትሜልን ሎሚን ፍልልይ የብሎምን ።

ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ሜራሕቲ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትየን ፍትሕን ሰላምን ክነግስ ፣ ሰብኣዊ ማሳል ህዝቢ ክኽብር ኩሉ ግዜ ሓዋርያዊ ሜእክቶም ከሜሓላልፉ ጸኒሖምኣለዉ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ እዚ ሽፍታ ስርዓት ናብ ዝተፈላለያ እምነታት ዝለኣኾ ሜእክቲ ንቤተ ክርስትያን ከም ሓደ “ ትካል “ ክብል ስለ ዝገለጸ ፣ ብዝግባኣ ኣስተምህሮ ተዋሂቡዎ እዩ ። ቤተ ክርስትያን ትካል ክምዝ ይትብሃል ተጻሒፉሉ ። ትካል ማለት ነባሪ ዘይኾነ ሎሚዘሎ ጽባሕ ከኣ ዘየሎ ክኽውን እንከሎ፣ ቤተ ክርስትያን ግን ትማሊ ነይራ፣ ሎሚኣላ ፣ ጽባሕ እውን ክትህሉ ምኳና ፣ እቲ ምዕዶ ተዋሂቡዎ እዩ ። እቲ ኣበይ ኣሎ“ሓውኻ “ዝብል ሓዋርያዊ ሜእክቲ እውን ኣብቲ ዝድለየሉ ግዜን ኩነታትን ንዝህቢ ቀሪቡ ነይሩ ። እብኡ ከምእተገልጸ ፣ኤርትራ ዓዲ መዓርን ጻባን እንተ ትኽውን ደቓ ንስደትን ንሞትን ከምምርጫኣ ይምውሰዱዎን ነይሮምክብሉ፣ ህዝቢ ፍትሕን ሠናይ ምሕደራ ጎዲሉዎ ምህላዊ ብጉሉጽ ነቲ ስርዓት ተነጊሩዎ እዩ ።

እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎክርስትያናዊ ህወት መንነትና ዝገልጽ ብዙሕ ታሪካዊ ቅርስታት ኣዕቂቡ ጸኒሑና ኣሎ። ሐደ ካብኡ ቛንቛ ግእዝ እዩ። እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ትኹን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብሓደ ዘተኣሳስረን እቲ ክልቲኦ ምማስዋእቲ ቅዳሴ ዘቅረቡሉ እቲ ኣብ ገዳማት ጥራሕ ዝዝውተር ቛንቛ ግእዝ እዩ ። እቶም ኣብ ስደት እንርከብ ኤርትራውያን ናይ ክልቲኡ እምነታት ተኸተልቲ ፣ እዚ ተውህቦ እዚ ጽቡቅ ናይ ምትሕብባር መንፈስ ፈጢሩልና ይርከብ።

ጣልያን ኤርትራ ኣብ ዝገዝኣሉ ዝነበረ እዋን፣ ነቶም ኤርትራዊ ኣቡን ጸዊዖም እቲ ስርዓተ ቅዳሴ ካብ ናይ ግእዝ ፍደል ናብ ላቲን ቀይሮም ክቅድሱ ዘቀረበሎምጠላብ ክነጽጉ እንከልዉ“ ንሕና መንነትናን ባህልናን ኣይንቅይርን ፣ ከምቶምኣሕዋትና ኢትዮጵያውያን ብግእዝ ክንቅድስ ኢና ክብሉ ነጺጎሞ“ እዮም

። ትእዛዝ ነጽጎም ንለውጢ ቁሩብ ኣይኾኑን ብዝብል ክሲ ክሳብ ኣብ ቫቲኻን ተጸዊዖምነ ይሮምእዮም። እንተኮነ ወይከ ፍልኽት ካብ ሚ ገጸም! ስለዚ ከም ህዝቢ ክንኾርዓሉ ዘሎና ፍጻሜእዩ ። ንእግረ መንግድና ኣብ ሓደ ክፋል ህዝቢ ኦሮሞ እቲ ግእዝ ናይ ገዛእትኩም ቋንቋ ስለዝኾነ ፍደል ላቲን ይሕሸኩም ተባሂሎምዝተቀበሉ ኣሎዉ።

ካብዚ ብምብጋስ እምባኣር እቲ ኣብ ሰገነይቲ ብዕለት 10/21 /18 ኣብ ብዓል ቅዱስ ሚካኤል ብኣባ ትኽልንኪኤል ተወልድ ዝቀረበ ሓዋርያዊ ሜልእክቲ እንተ ርኢና ፣ ብቀጻሊ ቤተ ክርስትያን እትከፍሎዘላ ዋጋ ንፍትሒኣንጻር ዓመጽ እዩ ። እቲ ሜልእክቲ ረዚንን ዋጋ ዘክፍል ምኃኑ ንኹሉና ብሩህ እዩ ። እቶምኣባ ኣብ ዘስምዑዎ መደረ ፣ ነቲ ስርዓት በቲ ገበናቱ ምንቓፉ ጥራሕ ዘይኮነ በቲ ዝፈጸሞ ጽቡቅ ነገራት እውን ሞጎሰም ገሊጾምእዮም። ስለዚ ነቲ ጽቡቕ ዝገብር ሰብ ምንኣድ፡ ነቲ ክግበር ዘሎዎ ዘይገብር ከኣ ለበዋን ማጠንቀቅታን ዝሓዘለ ነይሩ ። ህዝቢ ዘይብላ ሃገር ኣይትብሃልን ። እቶምማሰረት ናይ ሓንቲ ሃገር ፣ ህዝብን ሜሬትን ልዑላውንትን እዮም። እቶምሃገር ናይ ሓባር ፣ ሃይማኖት ከኣ ናይ ግሊ ምኗና እንኣምን ዜጋታት እቲ ሜልእቲ ንኩሉ ስክፍታታና ኣጣሚሮምገሊጾሞእዮም ። ን17 ዓመታት ዝተከፍለ ህወት ሰብን ንብረትን ክከሓስ እንተ ኾይኑ ከምቲ እቶም ኣባ ዝገለጹዎ ፣ብዘይ ወዓል ሕድር ዶብና ክሕንጸጽ ኣሎዎ እቶም ኣይከሰርናን ዝብሉ ወገናት ከምዝይከሰሩ ኩሉ ኤርትራዊ ይፈልጥ እዩ ። እቲ ንነጻነት ማስዋእቲ ዝከፈለ ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣይከሰርናን ክብል ሕልናኡ ዝፈቅደሉ ኣይኮነን ።

ከምቶም ካልኦት መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ኤውሮጳ ማሰረታዊ ሓዋርያዊ ትልእኾኦም ዝንጊዖም ወይ ከኣ ክሒዶም ብዛዓባ ምጉዳል ዋጋታት ጣፍን ዑፉን ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ከምእተፍሔ ዝሰበኹ። ኣባ ተክሊኸኤል ተወልደ ግን ኣብ ማእክል ሃገር ኣብቲ በሪኽ ድብሪ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክቲ ሰገነይቲ ኾይኖም ህዝብና ዝጽብዮ ዝጽንሔፍሬ ሰላምምስ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋትና ጻዕዳ ፊኖን ፡ ወይ ቼመንቶም ዘይኮነስ ከምቲ ኣብ ኢትዮጵያ ጎሮቤትና ዝፍጸምዘሎ መንገዲ ዕርቅን ምሕረተን ክጅምር እሞ፡ ኣብ ስደት ዘለዉ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ሃገሮም ክሃንጹ ጸዊዖም ። እቶም ኣባ ንመንእሰያት ብፍላይ ናይዚ ሰላምዝብሃል ዘሎክሳብ ሕጂ ተረባሕቲ ስለ ዘይኮኑ ተስፋ ስኢኖምጉዑዞ ንስደት ይቅጽሉዎ ስለ ዘለዉደውከብሉዎ ጸዊዖም። ወሲኾምከኣ ነቶምመንእሰያት ካብቲ ጎዳኢ ዝኾነ ካብ ጎረቤት ሃገር ዝመጸና ዘሎ ዘይልሜድናን ዘይባህልናን ናይ ጨቅን ስጋዊ ርክባትን ክጥንቀቁ ኣባታዊ ምዕዶ ልጊሶም ኣሎው።

ኣባ ተኽሊሚኻኤል ተወልደ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ተጠቂሞም እቲ ስርዓት ተረባሪቡ ንሕማምኤቸ ኣይቪ ኣብትሕቲ ቁጽጽር ምብጽሑ ከይነ ኣዱ ኣይሓለፉን ። እቲ ዶብ ምክፋቱ ነቲ እትመዝገበ ዓወት ኣብ ሓደጋ ከየ ውድቆ ስግእት ግን ኣሎ።

በዚ ከኣ ኣባ ተኽሊሚካኤል ተወልደ ንህዝቢ ኤርትራ ክሰምዖ ዝግባእን ካብኦም ዝጥለብን ፍጺምም ኣሎው። እዚ ሜልእክቲ እዚ ነቶም ንንግደት ዝመጹ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ዝተወሰነ ኣይኮነን ። እንታይ ደኣ ዶብ ሰጊሩ ክሳብቲ ኣብ ኣዲስ ኣባባ ዝርኸብ ቤተ መንግስቲ ኣራት ኪሎ ዝብሃል መቓሊሕ ገይሩ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ምዃኑ ብዘይ ነግ ፈረግ ብሓደ ሜራሕ ሃይማኖት ኣብ ኣእዛኖም በጺሑዎም ኣሎ ። እቲ ጽቡቕነቱ እቲ ሰላምን ፍቕረን ማእከሉ ዝገበረ ሜልእክቲ ኣነጺሩዎ ዘሎ ዶብና ብዘይ ወዓል ሕደር ክሕንጸጽ ዝጠልብ እዩ ። ንቀ.ሚኒስተር ኢትዮጵያ ምትርጓም ዘድሊዮ ኣይኾነን ፡

**ኣብ መወዳእታ**

ህግደፍ በዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖሊቲካውን ቁጥባውን ማሕበራውን ኩነታት ድሕሪት ተሪፉ ጭፍራ ኾይኑ ስለ ዘሎን ነዚ ተረኪቡ ዘሎ ሞዕብልናታት ካብ ኢትዮጵያ ዝመጽእ ዘሎ ክጻወሮ ስለ ዘይክእል ክወዲቕ ምዃኑ ተገንዚብና ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክድልድለሉ ዝክእል እተጸንዔ ህጹጽ ውሳኔታት ክንወስድ ይግባእ ። ከምቲ ምስላ ኣቦው“ ኣብ ዓዲ ዑዉራት ፡ ሓደ ዓይኑ ይነግስ “ ዝብሃል ። እዚ ሓደ ሰብኣይ ንኩሉና ኤርትራውያን ዑዉራት ገይሩና ክሳብ ክንደይ ኢና ክንጽሞሞ! ካብዚ ባዕሉ ኣዳሊዩ ንነብሱ ዝሓትትን ፤ ባዕሉ ዝምልስን ከዳዕ ሓዲሽ ነገር ምጽባይ የዋህነት ናይቶ ኣብ ሚርበባቶምሰቂሎምሓዲሽ ነገር ክሰምዑ ሃንቀውዝብሉ የድሕነና ።

ኣብ ዘንታ ኤርትራ እትብል መጽሓፍ ኣቦይ ፊተውራሪ ሚካኤል ሓሰማሓንቲ ዘንታ ኣላ፡ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ሓደ ሰብኣይ ኢትዮጵያ ወይ ሞት ክብሉ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትሕወሰሎም ላዕልን ታሕትን ዘበጥ ማባጥ ክብሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ፈደረሽን ፍሪሱ ወዮ ጃንሆይ ነቶም ኣድለይትን ኣግደስትን ዝብሉዎም ኤርትራውያን ገሊኦም ኣብ ኤርትራ ስራሕ ክህብዎም እንከሎዉ፡ ንገልኦም ከኣ ንኣዲስ ኣባባ ወሲዶም መዲበሞም። ወዮም ሰብኣይ ድሕሪ እዚ ዘኽየድዎ ቓልሲ ንሓድነት፡ ስራሕ ስኢኖም፡ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ቅንፈዘውክብሉ ዝረኸቡዎም ኣዕርኽቶም፤ እንታይ ተረኸበ ኢሎምምስ ሓተትዎም“ እግዚኣብሔር ሕያዋይ እዩ ፤ ኣነ ዝለመንኹሓንቲ ነገር ክህበኒ ፡ ንሳ ከኣ ኢትዮጵያ ወይ ከኣ ሞት ። እንተኾነ ክልቲኤን ህቡኒ “ ክብሉ ሜልሶም። ሎሚከኣ ኢሳያስ ኣፈወርቂ እዚ ከዳዕ ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሞትን ኢትዮጵያን እዩ ዝህበና ዘሎ። እሞክሳብ መዓስ ከምዚ እልና ክንነብር ?

ኣምላኽ ኤርትራ ህዝባን ይባርኽ!

**ክብሮምግረነት**

11/04/2018